## ሓድሽ ጕዕዞ ምስ ሓድሽ ሓድሽ ሰልፊ

### ክፍሊ ዜናን ባህልን
### ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ
### 13 ጥሪ 2010

ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብምጽንባራዊ ዋዕላ ናይ ሰለስተ ውድባት፡ ማለት ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ፡ ሰልፊ ዲሞክራስን ሰልፊ ህዝብን ኤርትራ፡ ኣቢሉ ኣብ 31 ታሕሳስ 2009 ዝተመስረተ ሓድሽ ሰልፊ ኢዩ።

ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ነቲ ጀብሃ ሻዕብያ፡ ክርስትያን እስላም፡ ከበሳ መትሕት፡ ተጋዳላይ ገባር ...ወዘተ ዝብል ኣብ ሕሉፍ ታሪኽን ተመኲሮን፡ ከምኡ ውን፡ ኣብ ሃይማኖት፡ ጆግራፍ ወይ ቦታዊ ኣቀማምጣ ዝተሰረተ ንህዝብን ቃልስን ኤርትራ ዘየርብሕ ፖለቲካ ዝተሰረ ፍልልያት ሰጊሩ፡ ንኤርትራውያን ዜጋታት ብመሰረት ውልቃዊ ፖለቲካዊ እምነቶም ንምውዳብ ዝሰርሕ፣ ሰብኣዊ መሰላት ዝኽበረላ፡ ፍትሕን ማዕርነትን ሰላምን ዝሰፈና ናይ ኣብዝሓ ሰልፍታት ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል ዝቃለስ ሓድሽ ሰልፊ ኢዩ።

ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ብሄራት፡ ጂኦግራፍያዊ ከባቢታት ..ወዘተ ዘሎ ዘይምዕሩይን ዘይተመጣጠነ ፖለቲካውን ቍጠባውን ማሕበራውን ፍልልያት ኣወጊዱ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምንጋስ ዝቃለስ ሰልፊ ውን ኢዩ። ስለ'ዚ ኢዩ ውን፡ ምጽንባራዊ ዋዕላ ሰለስቲኡ ውድባት፡ ንጕዳይ ዋንነት ናይ መሬት፡ ከም መሰረታዊ ናይ ዜግነት፡ ናይ ቍጠባ፡ ናይ ፍትሒ፡ ናይ ፖለቲካ ሕቶ ብምግንዛብ፡ ነዚ ዝስዕብ ፖለቲካዊ ውሳኔ ዘመሓላለፈ።

“ምጽንባራዊ ዋዕላ፡ ነቲ ካብ ሕጊ ወጻኢ ዝኾነ፡ እሞ ኸኣ ሰላምን ቅሳነትን ራህዋን ህዝብና ዝዝርግ፡ መሬት ካብ ዋናታቱ መንዚዑ ንካልኦት ደቂ ሃገር ካብ መበቆላዊ ቦትኦም ዝፈናቕል ናይ ሰፈራ መደባት ስርዓት ህግደፍ ብትሪ ይኹንኖ። መሬት ናይ ህዝቢ ዋንነት ምዃኑ ብምእማን ከኣ፡ ብሓይሊ ዝተመንዝዐ መሬት፡ ስርዓት ህግደፍ ምስ ተማሕወ፡ ብሕጋውን ፍትሓውን ኣገባብ ናብ ዋናታቱ ክምለስ ከም ዝግባእ ይኣምን”።

ከምኡ ውን፡ ኣብ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ 4ይ ምዕራፍ፣

1. እተን ብምዕባለ ድሒረን ዘለዋ ኣውራጃታት ፍሉይ ትኹረት ከምዝረኽባ ምግባር፤
2. ነፍስወከፍ ኣውራጃ፡ ባዕላ እተመሓድሮ ነቲ ሓፈሻዊ ኣንፈት ቍጠባዊ (ምጣነ-ሃብታዊ) ፖሊሲ ሃገር ዝሰማማዕ ናይ ገዛእ ነብሳ ቍጠባዊ ምምሕዳር ከተማዕብል ምቅላስ፤
3. ኣብ መንጎ ኵሉ ጽፍሕታት ቅርጺ መንግስቲ (ኣውራጃ፡ ወረዳ፡ ዓዲ) ኣብ ሃገራዊ ቅዋም ዝተሰረተ፡ ኵሉ መዳያዊ ዝምድናን ምድግጋፍን ክህሉ ኢዩ።
4. ኣብ ኣውራጃታት ኤርትራ ዝርከብ ፍልልይ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ነቲ ብምዕባለ እተሃስየ ክፍልታት ዝያዳ እተመዓራረየ ትምህርታዊ ተሳትፎ ንኸረጋግጽ ምትብባዕን ተግባራዊ መደባት ምሕንጻጽን ...ወዘተ ዝብል ሓሳባት ሰፊሩ ይርከብ።

ኣብ ርእስ'ዚ፡ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ እሱር ናይ ሕሉፍ ታሪኽ ኰይኑ ክነብር ዘይመርጽ"፣ ንሕሉፍ ታሪኽን ተመኲሮን ከም መምሃርን መወከስን ተጠቒሙ፡ ንህልውን ናይ መጻእን ብድሆታት ንምምካት ንቕድሚት ዝጥምት ሰልፊ ኢዩ። ስለዝኾነ፡ ንጕዳይ

መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን፡ ከም ተረከብቲ ሕድርን ዝበዝሑ ክፋል ናይ ህዝብናን፣ ከም መሰረታውያን ናይ ለውጢ ሓይልን መጠን፡ ፍሉይ ትኹረት ክግበረሎም ከምዝግባእ ኢዩ ዝኣምን።

ሰለስቲኡ ዝተጸናበረ ሰልፍታት፡ ንጉዳይ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ብዕቱብነት ክሰርሕሉ ከምዘይጸንሑ ብሓደ ሸነኽ፣ ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ መንእሰያት ውን፡ ኣብ ናይ ተቓወምቲ ደምበ ተጸንቢሮም ግዴኦም ክጻወቱን መሰላቶም ብቃልሲ ከረጋግጹን ከምዘይተራእዩ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ብኣንኩሮ ተመልኪቱ። ካብ’ዚ መቐራቕሮ’ዚ ንምውጻእ፡ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ይኹን እዞም ክልተ ኣገደስቲ ክፋላት ናይ ሕብረተ-ሰብና፡ ነናይ ገዛእ ርእሶም ዕዮ ገዛ ክገብሩን እሂን ምሂን ክበሃልሉን ዝግባእ መድረኽ ተኸሲቱ ምህላዉ ውን ተገንዚቡ።

መንእሰያት ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን፡ ብናይ ኣስገዳድ ወተሃደራዊ ዕስክርናን ብናይ ስደትን ሓለንጊ ዝግረፉ ዘለዉ ክፍልታት ናይ ሕብረተ-ሰብና ምዃኖም ኵልና እንፈልጦን እንከታተሎን ዘሎና ሓቂ ኢዩ። ነዚ ኵነታት’ዚ ንምቕያር፡ ነቲ መሰረታዊ ጠንቂ ናይ’ዚ ጸገማት’ዚ ዝኾነ ስርዓት ህግደፍ ምእላይ ምዃኑ ውን ዝሰሓት ኣይኮነን። ስለዝኾነ ድማ፡ ነዚ ኵነታት’ዚ ንምልዋጥ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ብዝያዳ ክዋስእሉ ዘለዎም ጉዳይ ምዃኑ ርዱእ ኢዩ። ከይተወደብካን ብናይ ለውጢ ራእይ ከይተዓጠቕካን ክመጽእ ዝኽእል ምዕባለን ግስጋሰን ስለዘየለ ከኣ፡ መንእሰያትና ማዕረ’ዚ ብድሆ’ዚ ክብ ክብሉ መድረኽ ይጠልቦም ከምዘሎ ክዝንግዑ ኣይግባእን።

ክሳብ’ቲ ናይ ስርዓት ለውጢ ዝረጋገጽ፡ ንኤርትራውያን መንእሰያት ኣብ ስደት ዘጋጥሞም ዘሎ ሽግራት ንምቅላል፡ ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራን ሲቪላውያን ማሕበራትን ካብኦም ዝጥለብ ዜጋዊ ሓላፍነት ከማልኡ ይጥለቡ ኢዮም። መንእሰያትና፡ ንመጻኢት ኤርትራ ንምህናጽ ዘብቅዖም ሞያውን ኣካዳሚካውን ትምህርትን ስልጠናን ክውሃቦም፣ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ክረኽቡ፣ ኮታ፡ ከም ስደተኛታት ተኣሚኑሎም ብኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራትን ንስደተኛታት ዝምልከቱ ኵሎም መሰረታውያን መሰላት ክኽበረሎም ከይሰልከና ክንቃለስ ይግባእ።

ከምኡ ውን፡ ነተን ንሽግር ናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ንምቅላል ዝተሓባበረ መንግስታት ብሓፈሻ፡ ነተን ምስ ዘለወን ድሩት ዓቕሚ፡ ዝከኣለን ዝገብራ ዘለዋ ጐረባብቲ መንግስታት ድማ ብፍልይ ከነመጉስን፣ ነተን በስገዳድ ንኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ሃገሮም ዘባርራን ኣብ ኣብያተ-ማእሰርቲ ዝዳጉናን ከኣ፡ ክንኵንን ጸቕጥታት ክንገብርን ይግባእ።

ብሓጺሩ፡ ሰልፍና፡ እዚ ሓድሽ ወለዶ፡ እቶም ሕጂ ኣቦታቱን ኣያታቱን ኣዴታቱን ኣብሻታቱን ኲይኖም ዘለዉ ናይ ዝሓለፈ መድረኽ መንእሰያት ዝሰርሕዎ ታሪኽን ቅያን ክሰርሕ ከምዝኽእል ጽኑዕ እምነቱ ኢዩ። ካብ’ዚ ሓቂ’ዚ ብምብጋስ ሓድሽ ጉዕዞ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ምስ’ቲ ሓድሽ ወለዶ ዝተኣሰሳረ ክኸውን ሰልፍና ከይሰልከየ ክቃለስሉ ተበጊሱ ኣሎ። እዚ ኣበጊስናዮ ዘሎና ምጽንባር ናይ ተመሳሳሊ ራእይ ዘለዎም ውድባትን ሰልፍታትን ኣብ ክሊ ንኹሉ ተቓዋሚ ዝሓቍፍ ጽላል ወይ ኪዳን ናይ መጀመርያ እምበር ናይ መወዳእታ ክኸውን ኣይኰነን።